# ገለ ብጭቕታ ናይ'ቲ ኣብልባቶም....!

2 ይ ክፋል…

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ኣብቲ ገለ ብጭቕታ ናይ'ቲ ኣብልባቶም ዝብል ኣርእስቲ ነዚ ዝስዕብ ኣመልኪተ ጽሒፈ ከምዝነበርኩን ኣብ 2ይ ክፋል የራኽበና ኢለ ምስናይ ጽቡቕ ትምኒተይ ተሰናቢተኩም ምንባረይን ፡ ኣብዚ ናይሎሚ ካልኣይ ክፋል ክቡራት ኣንበብቲ ብሃንቀውታ ትጽበይዩኒ ምህላውኩም ይርድኣኒ'ዩ ፡ ንመዘኻከሪ ካብ ዝሓለፈ ቀንዲ መዛረቢና እዚ ዝስዕብ ም'ዃኑ ክቡራት ኣምበብቲ ነታመጽሓፍ ድሮ ደሊኹም ረኺብኩማን ኣምቢብኩም ናይባዕልኻትኩም ትዕዝብቲ ኣምቢርኩምላ ክትህልዉ እምንቶይ እዩ ፡ መኽንያት ጉዳዩ ጉዳይ ናይ ሓደ ክልተ ዘይኮነስ ፡ ናይኩሉ'ቲ ኣብቅዲሚ'ዚ ዓይኒ ጃንዳ ወያነ ዝቦቐለን ብኩቱር ቅንኢ ዝርእይዎን ፡ ጉዳይ ናይ ክቡርን ሕፉርን ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ ፡

`` ካብ ደደቢት ጀሚሩ ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ወያነ ፡ በቲ ሓደ ወገን እናተቓለስኩ ፡ በቲ ሓደወገን እናተቓወምኩ ዝኣቶኹ ይብል ፡ ኣቶ ኣስገደ ገብረስላሰ ፡ ከም ኣበሃህልኡ ኣብቲ ጽሑፉውን ኣጸቢቑ ኣነጺርዎ ከምዘሎ ፡ ን 17 ዓመት ብዘይዕርፍቲ እናተቓወመ ዝተቓለሰ ወያናይ ዝደረሳ ጋህዲ ትብል መጽሓፉ ፡ ኣብ ጋህዲ ቁ. ገጽ 229 ንኤርትራ ኣመልኪቱ ዝጽሓፎ ጽሑፍ ካብቲ ንጽሓፊኡ ፡ እንታይነቱ ዘምዘነ ፡ ንዓና ንኤርትራውያን እቲ ጌና ተዘርዚሩ ዘይውዳእ ፍሕሶ ተንኮላት ናይ ምንባርና ፈጺሞም ዘይደልዩን ጌና ይሕንሕኑ ምህላዎም ዝሕብር ብጭቓታ እዩ ፡ ስለዝኾነ ፡ ኣቶ ኣስገደ ገብረስላሰ ፡ ኣብ ጋህዲ ቁ.1 ገጽ 229 ፡ ኣብቲ ምጽናት ዓሌት ዝብል ኣርእስቲ ፡ ዝጽሓፎ ፡ ኤርትራ ጌና ሰብ ዝነብረላ ሃገር ም'ዃና ከተብቅዕ እያ ኢሉ ተነብዩ ምህላዉን መጽሓፉ ጋህዲ ኢሉ ምስያሙን ፡ ኣብ ውሽጢ ናይጽሑፉ ዓንቀጽ ፡ ንመሬት እንዳማቱን ህዝቡን ናይ ምጽናት ንብያት ምትምባዩን `` ፡

ኣብቲ እናተቓወምካ ን 17 ዓመት ምቅላስካ ንዓና ብዙሕ ትርጉም ዝህበና ኣይኮነን ፡ መንይፈልጥ'ውን ንዓና ንምሽዋድ ዝተፈጥረ ምህዞ ክኸውን ይኽእል እዩ ፡ ኣብቲ ንዓና ዝምልከት ጉዳይ ኣመልኪትና እንተተዛተና እቲ ግዜና ብግቡእ ክንጥቀመሉ የኽእለናን ካብ ሓሸውየ እናበልካ ዓባየይ-ማጨሎትን የድሕነና ይኸውን ፡

ኣቶ ኣስገደ ገብረስላሰ ፡ ብርግጽ ከምዝኾነ ብድርሰት ዝግደስን ፡ ናይድርሰት ድልየት ዘለዎን ፍጡር ፡ ሽውሃትካ ንምርዋይ ንድርሰት ተተሓሂዝካዮ ክትከውን ትኽእል ኢኻ ፡
ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ግን ፡ ድርሰትካ ፡ ንሽውሃትካን ንውልቃዊ ድልየትካን ዘርዊ ከም መሳርሒ ክትቀመሉ እንተኾይንካ ፡ ድርሰት ዘይኮነ ፡ መሲላዊ ደርሰት ወይ ከም መሳርሒ ስለዝኾነ ኣብ ቅድሚ ናይ ዝኾነ ኣምባባይ ትዕዝብቲ ሚዛኑ ዝወደቐን ፡ ትሓታትነት ዘስዕብን ሓላፍነት ዘሰክምን ኮይኑ ፡ ንናይ ካልኦት ምሃርን ቁምነገር ሓዘል ዝደርሱን ስም ዘዋርድን ዘሕፍርን ም'ዃኑ ንስኻውን ትስሕቶ ኣይብልን ፡ እቲምንታይ'ሲ ፈሊጥካ ንጌጋን ቅርሕንትን ዝዕድም ብፈሊጥ ዝደረስካዮ ካብ ም'ዃን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ስለዘይውንን፡

ብዙሕ ከይተዛረብና ፡ ነዚ ኣበሃህላኻ ፡ ወይ ከምቲ ዝበልካዮ ትምቢትካ ብኽልተ መስመር ማዕረማዕረ ዝጉዓዝን ዘይራኽብን'ክኣ ፡ ኣብነዊሕ ጉዕዞ ፡ እቲ ሓደ መስመር ወይሓሳብ ንድሕሪት ዝተርፍ ፡ ተሪፉ ንሓዋሩ ዝቕበር ፡ ክኸውን እንከሎ ፡ እቲ ሓደ መስመር ክኣ ፡ መስመር፡ሓቂ ፡ ዘይሕለል ብሓፋሽ እናተነድቀ መመሊሱ ዝተርርን ዕላሚኡ ዝወቅዕ ዕዉት መስመር እዩ ፡ ስለዝኾነ ክኣ ፡ ነዚ ትዓዋቲ መስመር ንምዕንቃፍ ፡ ኣብቲ ነዊሕ ዘይጉዓዝ ዓንደ-ሒቒኡ ተሰይሩ ንሓዋሩ ዝቕበር መስመር ተወጢሕካ ም'ኻድካ ፡ ምርጫ'ኻ ብም'ዃኑ ንምዝናዩ ናባኻ እገድፎ ፡

ህዝቢ ኤርትራ ናይ ምቅላስ ወይ ምግዳል ወልፊ ስለዝነበሮ ኣይኮነን ተቓሊሱን ዝቃለስ ዘሎን ፡ ምረት ናይ ቃልሲ ዘስተማቐረ ህዝቢ ፡ ካብ ጸሊም ኣፍሪቃዊ ኣሎ'ዶ ኢልና ምስእንሓትት ፡ እንከ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ እዩ ፡ መኽንያቱ ካብ ባርነት ናጽነት ስለዝመረጸ ፡ ካብ ምልማን ፡ ርእሱ ክኽእል ፡ ካብ ክብረትካ ምሻጥ ፡ ሓራ ኮይኑ መንገዲ ምዕባለ ስለዝሓዘ ፡ እዚ ምርጫ'ዚ ክኣ ፡ ጻዕርን መስዋእትን ከምዝሓትት ኣጸቢቑ ይፈልጦን ተተሓሒዝዎን ስለዘሎ ፡ ( ወዮ ድኣ ከም

ኣበሃህላ ደራሲ ኣይተ ኣስገደ ገብረስላሰ ዝሓሰቦ እንተኾይኑ ፡ ( እታ ጓላስ ነዲኣ ኣገባብ ጥንስን ሕርስን ከተምህራ ህርድግ ምባላ ስለዝኾነ'ዩ ) ፡

ስለዚ ፡ ነዚ ንዝኾነ ተፎጥሮኣውን ፡ ሰብ ኣምጽኦ ተጻብኦታት ዝባኑ ከይቀልዐ ብትብዓትን ጽንዓትን ዝምክት ዘሎን ፡ ንዝተረፈ ጭቁን ህዝቢ ኣፍሪቃ ምእንቲ ሓቂ እናተሟጎተ ንነብሱ ከምገንሸል ዝወፈ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ብኣብነት ክጥቀስ ዝነበሮ ፡ ነዛ ምድረ መኸተን ቃልስን ሃገሩ ፡ ንናይሓዋሩ ዓዲ ፍትሕን ሽሻይን ፡ ንኽትኮነሉ ፡ ከምካልኦት ጉልባቦም ቀሊዖም ክብረቶ ሸይጦም ትካቦ ዝጽበዩ ወጊድ ኢሉ ፡ ኣብ ናይገዛእ ርእሱ ሓሳብን ዓቕምን ተሞርኪሱ ፡ ኣብ ጸሊም ኣፍሪቃ ከምታሪኽውን ተሰሚዑን ተራእዩን ዘይፈልጥ ዕዉት ስርሓት እናኣሰላሰለ ፡ ጠባያት ናይ ደራሲ እንተትውንን ኣገባብን ሕግን ናይ ስነጽሑፍ እንተተኽተልን ኣይተ ኣስገደ ገብረስልሰ ፡ ምጽናት ህዝቢ ኣብሃገረ ኤርትራ ኢልካ ኣይምተነበኻን ፡ ከም ኣገባብ ስራሕ'ውን ከምዚ ዓይነት ናይ ጽልኢ ኣትሓሳስባ ብዓይኒ ስነጽሑፍ ላዛን መቐረትን ስለዘይብሉ ፡

ኮይኑ ግን ንፋለጥ'እሞ.... ከምዝተባህለ ፡ ኣመትን ሓሳብን ናይ ጭፍራ ወያነ ንሕና ህዝቢ ኤርትራ ካብ ነዊሕ ግዜ ዝተኸታተልናዮ ፡ ምኳኑ ንስኻውን ኣይትስሕቶን ኢኻ ፡ ካብ ብሃሊኡስ ደጋሚኡ ድኣ ከይከውን እምበር ፡ ነዊሕ ከይከድና ክስብ'ዚ ናይቀረባ ዓመታት ንመረዳእታ እንተወሰድና ዝኣክል ይመስለኒ ፡

- እዚ ናይሎሚ ድርሰት ብጋህዲ ቁ.1 ዝፍለጥ ናይ ኣማላዲ ጭፍራ ወያነ ዝኾነ ኣይተ ኣስገደ ገ/ስላሰ ፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ መፋርቕ ሰማንያታት ዝተደርሰት ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካበይ ናበይ እትብልን ፡ ብረት ህዝቢ ኤርትራ ንቁልቁል ኣመልኪቶም ነታ ቆጽሊ ኣውሊዕ ኦርጊጾም ትሓለቅቲ ናይዲሞክራሲ ክመስሉ ተሞኺንዮም ንኽናኽሱ ሰረተ ሓሳቦም ብቐንዱ ብናይተልመዴን ኣገባብ ድርሰቶም ዝጽሓፉዋ መጽሓፈን ፡

- መቐጸልታ ናይ ኣብ መፋርቔ ሰማንያታት ፡ ማለት ህዝቢ ኤርትራን መሪሕ ውድቡ ህግሓኤን ንታሪኻዊ ፡ ካልኣይን ሓድነታዊ ጉባኤን ፡ ኣብዝሸባሸበሉ ዝነበረ እዋን ፡ በዞም ሕጂ ንዓለምና ኣብ ከቢድ ስቅያት ሸሚሞማ ዘለዉ ሓያላት ናይ ዓለምኢና ብሃልቲ ስርዓታት ዝተነድፈን ዝተመወለን ንምትግባሩ ፡ ወያነ ጌና ከምእግሪ ቆልዓ ኣብ ዕንክይክይ እናሃለወ ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንምፍንጫል ንኮረይትን ብገበን ዝሕተቱን ምሓከሊ ኣብቲ ብዓቕሙ ክቆጻጸሮ ዘይኽእል መሬት ትግራይ ያኢ ውሃ ተባሂሉስ መቃለሲ መሬት ኢሉ ምጉንዐ ፡

- መቐጸልታ ናይቲ ዓርኪ መለስ ዝኾነ ሓደ ሰኔተር ናይ ኣሜሪካን ጸላኢ ህዝቢኤርትራን ፓወል-ህንዝ ምስ መለስ ኮይኖም ዘ.ዕለልዎ ናይ ኣደባባይ ምስጢር ፡ ``ህዝቢ ኤርትራ ትርጉም ናይ ናጽነት ስለዘይፈልጥ ፡ ``ናጽነቱ ምስረኸበ ማለቶም'ዩ `` ነንሓድሕዱ ከምዓሳ ክባላዕ'ዩሞ ፡ ነብሱ ምምራሕ ምስስኣነ ጸግዒ ናይ ኢትዮጵያ ክሓትት'ዩ ዝብል እቲ ሕሊሚ ቀትሪ ዝመነይዎ ዝነበሩ ዘራጉድን ፡

- መቐጸልታ ናይቲ ድሕሪ ናጽነትውን እንተኾነ ብመብዘሕትኦም ካበይ ከምዝብገስን ናበይ ከምዝዓልብን ዘይፈልጡ ብካድረታት ወያነ ተባሂሉ'ኢሎም ዝደጋግሙ ብሃማት ናይ'ቲ ጭፍራ ኣሳሰይቲ ዝኾኑ ፡ ጌና ምስ ሻዕብያስ ሓንቲ መዓልቲ ኣላ እናበሉ በጨቕ ዝብሎም ዝነበረን ዘጋውሑን ፡ ውሑስ ንምግባር ፡

- መቐጸልታ ናይቲ ሃገረ ኤርትራ ናይባዕሉ ባጤራ ምስኣሕተመ ፡ ነቲ ወግዓዊ ባጤራ ናይ ሃገረ ኤርትራ ፡ ልታቦት ለይውዕል ኣሳእል ናይፋጢማ'ዶ ናይሓሊማ እኒኣዎ ፡ እናተባህለ ብካድረታት ወያነ ዝግበር ዝነበረ ምክሽማሽ ፡

- ብዓቢኡ እቲ ብ 1997 ብዓቕሚ ጃንዳወያነ ዝተዳለወ ዘይኮነ ፡ ጃንዳወያነ ክብረቱ ሸይጡ ኣብ ማእገር ካልኦት ሓያላት ኢና በሃልቲ ተወጢሑ ፡ ቀንዱ ምግባት ልዑላውነት ኤርትራ ፡ እንተኽኣለውን እቲ ኣብዚ መጽሓፍ ተነብየዮ ኣለኹ ዝብል ዘሎ ኣማላዲ ናይ ወያነ ዝኾነ እሙር-ጥቡብ ደራሲ ጋህዲ ቁ.1 ፡ ብሓፈሽኡ ክኣ ሰላምን ምርግጋእን ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣህዛብ ንምዝራግ ዝዓለመ ናይ እልፊ-ኣእላፍ ሂወት ዝቐዘፈን ሓደገኛ ሳዕቤን ንምሩጋድ ዝተማህዘ ናይ ድርሰት ተዋስኦ ፡

- *መቀጸልታ ነቲ እምቢታ ወያነ ንብያነ ናይ ኤርትሮ-ኢትዮጵያ ዶብ ኮምሽን ፡ ንናይ ዶብ ፍርዲ ውሳነ ዘይምቕባልን ፡ ንሓንጎል ደቂሰባት ንምዝንባዕ ዝተማህዘ ኣጉል ፍልስፍና እዩ ፡*

*እቲ ዘገርም እዚ ኣትሓሳስባ ናይ ጃንዳ ወያነ ፡ ኣብልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ንዝኾነ ነቲ ጉዳይ ዝምልከቶን ዘይምልከቶን ብቐሊሉ ዝርድኦ ሓደገኛን ዘራግን ምኳን'ዩ፡ ስለዚ ደራሲ ካብ ብዙሕ ብትንቢትን እሓልም ኣለኹ እናበልካ ምህትፍታፍ ብዓቢኡ ነዚ ጸይቀ-ሕሉላት ንምትግባር ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ጻዕርን ቃልስን ገልቢጥካ ምትርጓሙ ድርሰትካ ምስ ኣጀንዳኻ ካብ ምንጽጻር ሓሊፉ ካልእ ዝውሃቦ ትርጉም ኣይህልዎን ፡*

*እቶም ናይ ብሓቂ ደረስቲ ዝብሃሉ ፡ ንከም ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዝኣመሰለ ቁምነገራውን ኣብነታውን ስራሕ ፡ ንካልኦት ኣህዛብ መምሃርን ንቅርሰ ታሪኽን ኢሎም ንክደርሱ ክሳብ መስዋእቲ ዝመርጹ ሓቀኛታት ደረስቲ ምህላዎም ኣብዓለምና ንድረስትካ ግምት ዝወሃቦ'ውን ኣይኮነን ፡ ንኣተሓሳስባኻን ፡ ንኣገባብ ስነጽሑፍ ምብካልካን ፡ ብዓቢኡ ክኣ ንዘይ መሰለትካ መሬትን ንዘይወከለካ ህዝብን ከምመወከሲ ተጠቒምካ ብዛዕብኡ ክትደርስን ክትምድርን ብሓላፍነት ዘትሓታትት ስለዝኾነ ብሕጊ ተጠያቒ ኢኻ ፡*

*ንምጽናት ህዝቢ ኤርትራ እነተኸይኑው'ን ኣብሓጎታትካ ፡ ኤርትራ መሬታ እንተዘይኮይኑ ህዝቢ ኣየድልየናን'ዩ ኢሎም ንምህላቑ ዝተፈጸመ ባርባራዊ ተግባራት እታ መሬት ኣፍ ኣውጺኣ ነጊራን ትነግር'ውን ኣላ ፡ ኮይኑ ግን ፍጡር ወዲ ኣዳም ክጸንት ከምዘይክእል ፡ ማይ ካብ ዓይና ከምዝብሃል ተዛረቦ'ድኣ ኢሉካ'ምበር ካብ ግዜ ህልቂትን ጥፍኣትን ብመስፍናዊ ኣብሓጎኻ ራስ ኣሉላ ኣባነጋ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ክንደይ ክሳብ ክንደይ ተሪፉ ነይሩን ፡ ሕጂ'ሽ ብዓይነቱን ምዕባላኡን ምቁጽጻር ልዑላውነቱን ፡ ምስተን ዝጸንታ ዘይኮነስ ፡ ምስተን ዝምዕብላን ኣብነት ኮይና ስም ናይ ጸሊም ኣፍሪቃ ተስሚ ዘላ ኣደ ጽንዓትን ኩርዓትን ሃገርና ኤርትራ ምኳና እታ ሓቂ ወላ ትምረርካ'ምበር ክትጎስማ ምኻንካ ናይ ብሓቂ እማን እብለካ ፡*

*ዓወትና ናይግድን እዩ !*

*ዓወት ንሓፋሽ !*

*ካብ ብርዒ ሓቂ ፡*